# ውጥን ቀሰብቐስ ዳግመ-ክፍታ

## ምስ ብዝሒ ተኸተብቲ ሃገራውያን ስጉምቲታት ለብዒ ንምፉኺስ ልዑል ደረጃዊ ውጥን ከድሊ ኢዩ፡ ከምኡ እውን ሕብረተስብና ቀሰበቐስ ዳግም ንክኽፈት።

ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ብዘቕረብዎ ርእይቶታት መሰረት፡ ሕብረተሰብና በብቕሩብ ዳግም ንክከፋፈት መንግስቲ ሓደ ውጥን ኣጽዲቑ ኣሎ። እቲ ውጥን ኣብቲ ደረጃ ስጉምቲታት ቅድሚ ዕለት 25 መጋቢት ዝነበረሉ እዋን ኢዩ ብምሙርኳስ ዝነቕል ዘሎ።
እተን ተኣታትየን ዝነበራ ሃገራዉያን ስጉምቲታት ካብ ጽፍሒ ናብ ጽፍሒ እናሰጋገረ ኢዩ ከፋኺኹስ ዝወጣጠን ዘሎ። ብሰንኪ ንኩነታት ለበዳ ዝጸልዉ ዘየተኣማምኑ ባእታታት ብምህላዎም እዚ ወጥን እዚ ኣብ ወርሒ ሰነ ወይ እውን ቅድሚኡ ከም ብሓድሽ ክግምገም ኢዩ።

ቀዳማይ ጽፍሒ ዳግመ-ክፍታ ኩነታት ለበዳ ኣብ ቊጽጽርና ምስ ኣተወ ኢዩ ዝጅመር ክብሉ ክኢላታት ኣካላት እዚ ዓውዲ ምኽርታቶም ይህቡ። እዚ ማለት ከኣ ኩነታት ለብዒን ጾር ሕማማትን ንሰለስተ ቕነ ዝኣክል ወሪዱ ምስ ተረጋገአ ኢና ክንበጽሖ ንኽእል። ዳግመ-ክፍታ ንምክያድ ንምግምጋም መንግስቲ ከም ዋና ጉዳያት ኣብ ግምት ዘእትዎም፡ ምዕባለ ኩነታት ለብዒ፡ ዓቕሚ ኣብያተ ኣገልግሎት ጥዕናን ብዝሒ ቊጽሪ ኩቱባትን እዩ።

ቅድሚ ናብ ዝቕጽል ጽፍሒ ክንሰግር ኢልና ምሕሳብና፡ ብቐዳምነት ኣብ ቊጽጽርና ንኽኣቱ ውጽኢት ናይ ነፍሰወከፍ ጽፍሒ ምርኣይ ከድልየና ኢዩ። ኣድላዪ ዝኾነ ምምጽራያትን ግምገማታትን ንከነካይድ ኣስታት ሰለስተ ሳምንታት ኣቢሉ ከድልየና ኢዩ ቅድሚ ንዝቕጽል ጽፍሒ ክንሰግር ኢልና ምሕሳብና፡ ዕለታት ዘይኩነስ ትንታነታት ኢዩ ከነቐድሞ ዘለና።

ኣብቶም ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ዝፋኺኹሱ ስጉምትታት ኣየኖት ከም ምኳኖም ንምርኣይ ኣብዚ ጥብቈ ሰሌዳ ክርኣዩ ይከኣሉ።